**Union of Tigrayans in North America (UTNA)**

**ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ (ማ.ተ.ሰ.ኣ.)**

PO BOX 73736 WASHINGTON, DC 20056 |TEL. 202-749-8609 |FAX 202-265-8703| utnaoffice@gmail.com

# ንቅሉዕ ትንኮያን ጥሕሰት ውዕል ፕሪቶሪያን መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣመልኪቱ ዝተዋህበ መግለፂ

ሰፍ ብዘይብል ጅግንነትን መስዋእትን ህዝብን ሰራዊትን ትግራይ ዝተፈረመ ውዕል ፕሪቶሪያ እነሆ ሳልሳይ ዓመቱ እኳ እንተደፈነ ብሽርሒ መንግስቲ ቀዳማይ ሚንስትር ኣብይ ኣሕመድን ከደዓት ሓሻኽሩን እነሆ ዘርሞዘርሞ ኮይኑ ይርከብ ኣሎ። መንግስቲ ኢትዮጵያ፣ ውዕል ፕሪቶሪያ ብምሉእነት ንኽትግበር፣ ኣብ ውሽጥን ደገን ዘሎ ህዝቢ ትግራይ፣ ዓለም ለኻውን ኣህጉራዊን ውዳበታትን መንግስታትን ናይ ሰብኣዊ መሰላት ተጣበቕቲ ማሕበራትን ሲቪካዊ ውዳበታትን ብተደጋጋሚ ንዘቕረብዎ ፃዊዒትን ምሕፅንታን ፀማም እዝኒ ብምሃብ ፣ ንዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ምስ ናይ ደገን ኣብ ውሽጢ ትግራይ ንዝጫጩሖም ፀላእቲ ህዝቢ ትግራይን ተቖናጅዩ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ንምዝራግን ንውዕል ፕሪቶሪያ ንምብርዓንን ለይትን ቀትርን እናሰርሐሉ ዝመፀ ምዃኑ ፀሓይ ዝወቕዖ ሓቂ እዩ።

መንግስቲ ኢትዮጵያን ሓሻኽሩን፣ ኣብ ውሽጢ ትግራይ ማእለያ ዘይብሉ ገንዘብ ብምፍሳስ ህውከትን ዕግርግርን ብምፍጣር ትግራዋይ ነንርእሱ ደም ንኽፋሰስ ዝኣለምዎ ተንኮል፣ በቲ ለባምን ጅግናን ህዝቢ ትግራይ ተነፂጉ ማይ ንማይ ኮይኑ ምስተረፈ፣ ብቂምን ህርፋን ስልጣንን ዝተኣጀሉ ከደዓትን ንሳቶም ዘጋገይዎም የዋሃት ተጋሩን ኣዕጢቑ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ተደጋጋሚ ትንኮያታት እኳ እንተገበረ ሰራዊት ትግራይ ብትዕግስቲ ነቲ ትንኮያታት ተፃዊሩ ተደጋጋሚ ናይ ሰላም ፃዊዒት ገይሩ እዩ። ካብኡ ሓሊፉ እውን ኣብ ቀረባ እዋን ቀዳማይ ሚንስትር ኣብይ ኣብ ፓርላማ ኢትዮጵያ ኣብ ዝገበርዎ ዘረባ ንደረጃ ውዕል ፕሪቶሪያ ናብ ናይ ውልቀ ሰባት ውዕል ብምውራድ ነቲ ውዕልን፣ እቲ ውዕል ንኽፍረም ንዘሸማገሉ መሸማገልትን ንህብረተሰብ ዓለምን፣ ንሕግን ስነምግባርን ዘለዎም ንዕቐት ኣርእዮም እዮም።

ሕዝቢ ትግራይ ነዚ ኹሉ እኩይ ድሌትን ተደጋጋሚ ሽርሒን ብልፅግና ፓርቲ ብግቡእ ተገንዚቡ፣ ፀላእቱ ጎሊሉ ብምውፃእ ሓድነቱ ኣሰጣጢሙ ፣ ውዕል ፕሪቶሪያ ብምሉእነት ንኽትግበር ሕቱኡ ብሰላማዊ መንገድን ብትዕግስትን ብምቕፃሉ፣ እቲ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ኣፍሪስካ ፅንተት ህዝቢ ትግራይ ንምፍፃም ዝተፋሕሰ ተንኮል ምፍሻሉ ዘንፀርፀሮም ደመኛታት ፀላእቱ፣ እቲ ፀላኣቶም ብዕሊ ውዕል ፕሮቶሪያ ናብ ምፍራስ ኣዕሪጎሞ ኣለው።

ስለዝኾነ ድማ ናይ ኢትዮጵያ መከላኸሊ ሰራዊት ዘዕጠቖም ዓቀይቶት ቀዳማይ ሚንስትር ኣብይ ኣሕመድ፣ ኣብ ዕለት ጥቅምቲ 27, 2018 ብክልል ዓፋር ኣቢሎም ናብ ሉኣላዊ ግዝኣት ትግራይ ኣትዮም ብዘብፅሕዎ ጥቕዓት ኣብ ልዕሊ ህይወት ንፁሃት ተጋሩ ጉድኣት ኣብፂሖም እዮም። እዚ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተፈፀመ ገበንን ቅሉዕ ጥሕሰት ውዕል ፕሪቶሪያ ኮይኑ እናሃለወ፣ ክልላዊ መንግስቲ ዓፋርን ከደዓት ነበር ሰበስልጣን ትግራይን ግንባር ፈጢሮም፣ ወለዲ **“ወጣጡያ እንተተማኸሩስ፣ ከይንሕረድ በቃ”** ከምዝብልዎ ከሳስን ምስክርን ኮይኖም፣ ሰራዊት ትግራይ ኣብ ክልል ዓፋር ወራር ፈፂሙ ዝብል ብዕራይ ወለደ ክሲ ብምግዋሕ ትማሊ ዕለት ጥቅምቲ 28, 2018 ለይቲ ኣብ ሉኣልዊ ግዝኣት ትግራይ ናይ ድሮን መጥቃዕቲ ብምፍፃም ነቲ ጥሕሰቱ ናብ ዝለዓለ ብርኪ ኣዕሪግዎ ኣሎ።

እዚ ተግባር እዚ ብዝኾነ ይኹን መዐቀኒ ተቐባልነት ዘይብሉ ገበንን ናይ ሕጋዊ ውዕል ጥሕሰትን ስለዝኾነ፣ ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ (ማተሰኣ) ብፅኑዕ ይኹንኖ። ብተመሳሳሊ፣ ኩሉ ኣብ ጎኒ ህዝቢ ትግራይ ደው ዝበሉ ውዳበታት ትግራይ፣ ፈተውቲ ሰላም ዝኾኑ ህዝብታት ኢትዮጵያን ጎረባብቲ ሃገራትን፣ ማሕበረ ሰብ ዓለምን ነዚ እኩይ ተግባር እዚ ንኽኹንንዎን፣ ንምሉእ ተግባራዊነት ውዕል ፕሪቶሪያ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ቀዳማይ ሚንስትር ኣብይ ኣሕመድ ዘድሊ ዘበለ ፅዕንቶ ንኽፈጥሩን ማተሰኣ ፃዊዒት የቕርብ።

ኣብ መወዳእታ ማተሰኣ ንድሕንነትን ህልውናን መሰል ዓርሰ ውሳነን ህዝቢ ትግራይ ንምርግጋፅ ኣብ ዝግበር ቃልሲ ኣብ ጎኒ ህዝቢ ትግራይን ሰራዊት ትግራይን ተሰሊፉ ተረሩ ክምዝቃለስ እናረጋገፀ፣ እዚ ኣብዝኾነ ይኹን ግዜን ኩነታትን ዘይዋገየሉ ዘይናወፅ ፅኑዕ ቅዋሙ ምኳኑ ድማ ደጊሙ የረጋግፅ።

**ዘለኣለማዊ ክብርን ሞገስን ንሰማእታትና!!!**

ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ (ማተሰኣ)

ጥቅምቲ 29, 2018 (November 7, 2025)

ዋሽንግቶን ዲሲ

***Union of Tigrayans in North America (UTNA) is a US based civic organization that advocates for the wellbeing of the People of Tigray in Ethiopia.***